## ኣብ ሱዳን ኣብ ምጭዋይ ካብ ዝተዋፈሩ ጉጅለ ስለያ

## ዓብደላ ዓሊ ከሊፋ ብጸጥታ ሱዳን ተኣሲሩ።

ናይ ሎሚ መጽናዕታዊ ጽሑፍና፡ ኣብ ውሽጢ መሬት ሱዳን ዜጋታት ኣብ ምጭዋይ ዝተዋፈሩ ጉጅለ ስለያ ሓደ ከምዝተኣሰረ፡ ገዝኡ ብጸጥታ ሱዳን ምስተፈተሸ ድማ ዝተፈላለዩ ዘይሕጋዊ ኣጽዋር፡ ገንዘብ ቴለፎናትን ፓስፖርትን ከምዝተታሕዘ ዘቓልዕ'ዩ። ስለያ ስርዓት ኤርትራ ሉኡላዊ ዶብ ሱዳን ሰጊሩ፡ **ብፍሉይ ምኽንያት ዘተኮረሉም** ኣማኢት ንጹሃት ዜጋታት ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ጨውዩ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኤርትራ ይዳጉን። ንእሱራት ድማ ብዘይሰብኣዊ ኣገባብ ኣትሓሕዛ ከምዘሳቕዮም ብዝተፈላለዩ ማዕከናት ብዙሕ ግዜ ክቓላሕ ጸኒሑ'ዩ። እዚ ኣዕናዊ ተግባር ስርዓት ኤርትራ ድማ ካብ እዋን ብረታዊ ቓልሲ ጀሚሩ ክስርሓሉ ዝጸንሔ ልሙድ ተግባር ስለዝኾነ፡ ድሕሪ ናጽነት'ውን ቐጺሉ ጌና ይስርሓሉ ኣሎ። እቲ ፍልልዩ ግና እቲ ጉጅለ ስለያ በብጊዝኡ ናይ ኣወዳድባ ለውጢ ይገብር ኣባላቱ ድማ ምቕያይር ጥራይ'ዩ ዝፈልዮ።

## ኣብ ካርቱም፡ ከሰላ ኣብ ምጭዋይ ዝተዋፈሩ ጉጅለ ስለያ ኤርትራ።

| ተ.ቁ | መዓርግ | ሙሉእ ስም | ዕለተ ትውልዲ | ኣሃዱ |
|---|---|---|---|---|
| 1. | ካፒተን | ኢድሪስ ሓምድ ዓብዱ | 1969 | ስለያ ምክልኻል |
| 2. | ተለንተ | ሃብቶም ገብረዝጊ ገብረኣምላኽ | 1971 | ስለያ ምዕ/እዚ ምክት/ዶባት |
| 3. | ተለንተ | ብርሃነ ጸጋይ ሃብተስላሰ | 1972 | ሃገራዊ ድሕነት |
| 4. | ሰርገንቲ- 5ይ - ዙርያ | ቢንያም ምስግና ሃብተምካኤል | 1979 | ሃገራዊ ድሕነት |
| 5. | ሰርገንቲ 2ይ ዙርያ | ኣብርሃም ኣስጎዶም ማሕራይ | 1976 | ሃገራዊ ድሕነት |
| 6. | **ሲቪል ስለያ** | **ዓብደላ ዓሊ ከሊፋ** | **1974** | **ሃገራዊ ድሕነት** |

**ዓብደላ ዓሊ ከሊፋ**፡ ኣባል ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ከም ሲቪል ስለያ ኣብ ካርቱም ተመዲቡ ክሰርሕ ኮሎ ኣብ **ሓጅ ዮሱፍ** ዝበሃል ቦታ ይቕመጥ ነይሩ። ስለዚ ጸጥታ ሱዳን ንዓብደላ ካብ መንበሪ ቦትኡ ኣሲሮም ገዝኡ ምስፈተሹዎ ድማ ዝተፈላለዩ ዘይሕጋዊ ንብረት ተረኺቡዎ። **National** Sudanese security services ናይ ስለያ ኤርትራ ዘይሕጋዊ ንብረት ከም ኤግሲቪት ብመርትዖ ሒዞሙዎ ኣለዉ። ዝርዝር ዝተታሕዙ ንብረት ድማ፥

1. ሓንቲ (1) ሽጉጥ። 2, ኣርባዕተ(4) መራኸቢ ቴለፎን። ሓንቲ ካብኣን ድማ ሳተላይት ቴለፎን። Telephone satellite thuraya- Qatar.
2. **ዝተታሕዘ ጥረ-ገንዘብ** (ካሽ )

A, ኣርባዓን ክልተን ሽሕ (42፡000) ናቕፋ ናይ ኤርትራ።

B, ሱሳን ሓሙሽተን ሺሕ (65,000) ደላር ናይ ኤመሪካ።

C,ሱሳን ሸውዓተን ሚልዮን (67, 000, 000) ናይ ሱዳን ፓወንድ።

D ሓሙሳን ሓሙሽተን ሽሕ (55,000) ርያል ንግስነት ሱዑዲ ዓረብ።

3. ሽዱሽተ (6) ናይ ኢድ መእሰሪ ፈሮ፡ ማለት እሱር ከምድላዩ ከይንቐሳቐስ ንክልተ ኢዱ ኣጣሚሩ ዝኣስር ሓጺን'ዩ።
4. ክልተ ፓስፖርት። ናይ ክልተ ሰባት ድማ ናይ ስደተኛ መንበሪ ወረቐት (ብጣቃ)
5. ናይ ጀማል ሙሳ ሓድሽ ናይ ኤርትራ ፓስፖርትን ኣርባዕተ(4) ጉርዲ ስእልን ጸኒሑ። ጀማል ሙሳ ደላላይ ዝነበረ ካብ ወርሒ 6 /2015 ግና ናበይ ከምዘበለ ደሃዩ ዘይፍለጥ ሰብ'ዩ።
6. ናይ ርግኣት ኣርኣያ ናይ ስደተኛ መንበሪ ወረቐት (ብጣቃ) ምስ ኣርባዕተ (4) ጉርዲ ስእልን ተረኺቡ። ርግኣት ምስ ጀማል ሙሳ ጽኑዕ ርክብ ከምዝነበራ ይፍለጥ። **ስለዚ**፡ ጸጥታ ሱዳን ንኹሉ ዝረከቡዎ ዘይሕጋዊ ንብረት ከም መርትዖ ብኢግዚቪት ሒዞሙዎ ኣለዉ።

**ነውራም ስርዓት፥** ዝኾነ ዜጋ ኣብ ዘይሃገሩ ገበን ምስዝፍጽም ብሕጊ ናይቲ ዝነብረሉ ዘሎ ሃገር ክኽሰስ ይኽእል። ወይ ንዝተኣሰረ ዜጋኻ ብስምምዕ ክልተ ሃገራት ናብ ሃገሩ ከይዱ ኣብ ቕሉዕ መጋብኣያ ብሕጋዊ መስርሕ ፍርዲ ክኽሰስን ብገበኑ ክቕጻዕን ይኽእል። እቲ ንተኸሳሲ ዘረክብ ዘሎ ሃገር ድማ ኣብቲ መስርሕ ፍርዲ ክከታተል መሰል ኣለዎ።

ስለያ ኤርትራ ግና ኣብ ውሽጢ ሉኡላዊ መሬት ሱዳን ልዕሊ ሕጊ ኮይኖም መእሰሪ ፈሮ ሒዞም ምጽንሖም፡ ንልዕልና ሕጊ ሱዳን ምድፋር ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ሰባት ምጭዋይ ንኣዕናዊ ተግባሮም ብቐጥታ ዘቓልዕ ዝዓበየ መርትዖ ገበን ኣንጻር ሰብኣውነት እዩ።

- እዞም ጉጅለ ስለያ ካብ ሱዳን ጨውዮም ንኤርትራ ዘእተዉዎም እሱራት ብዝሑም ብልክዕ ንምግላጽ ኣሸጋሪ'ዩ። ይኹን'ምበር በዛ ጉጅለ ተጨውዮም ኣብ ቤት ማእሰርቲ **ኣደርሰር** ዞባ ጋሽ ባርካን ኣብ **ማእከላይ ገበን መርመራ** ኣስመራ (**ካርሸሊ**) ዝርከቡ ናይ 15 እሱራት ኣስማት ነቐርብ ኣለና።

**<u>ካብ ሱዳን ተጨውዮም ኣብ ኣደርሰርን ኣስመራ ካርሸልን ዝርከቡ እሱራት።</u>**

| <u>ተ.ቑ</u> | ምሉእ ስም | <u>ተኣሲርሉ ዘሎ ቦታ</u> | <u>ተ.ቑ</u> | **ምሉእ ስም** | <u>ተኣሲርሉ ዘሎ ቦታ</u> |
|---|---|---|---|---|---|
| <u>1</u> | ሮቤል ኣርኣያ ክፍሉ | **ኣደርሰር** | <u>10</u> | **ሰምሃር መንግስ** ገብረድንግል | ማ/ገበን ምርመራ |
| <u>2</u> | ሃኒባል ፍቓዱ ገብረኣምላክ | **ኣደርሰር** | <u>11</u> | **ፍሊሞን ጨዓይ** ተኸለሰንበት | ማ/ገበን ምርመራ |
| <u>3</u> | **ምሉእብርሃን ስዩም መስፍን** | **ኣደርሰር** | <u>12</u> | **የውሃንስ መስፍን ተስፍጋብር** | ማ/ገበን ምርመራ |
| <u>4</u> | **(ተለንተ) ምክኤል መሃሪ ተኪኤ** | **ኣደርሰር** | <u>13</u> | **ሌ/ኮ መዓሾ ፍሰሃየ ዘወልዲ (ጋባ)** | ማ/ገበን ምርመራ |
| <u>5</u> | **ኣወልኬር ዓብዱ ኢብራሂም** | **ኣደርሰር** | <u>14</u> | **ኢንጅነር መኮንን በራኺ ትከለ** | ማ/ገበን ምርመራ |
| <u>6</u> | **ናስር ነጋሽ ኣሕመዲን** | **ኣደርሰር** | <u>15</u> | **ዕዘዲን መሓመድ ዓብዱ** | ማ/ገበን ምርመራ |
| <u>7</u> | **ተስፋይ በየነ ሃይለየሱስ** | **ኣደርሰር** | | | |
| <u>8</u> | **ሳምኤል ሓጎስ ተስፋምካኤል** | **ኣደርሰር** | | | |
| <u>9</u> | **(ካብቴን) ነጋሽ ግደ ኣርኣያ** | **ኣደርሰር** | | | |

**<u>ተወሳኺ ፍሉይ ሓበሬታ፥</u>**

1. ኣብ ቤት ማእሰርቲ **<u>ኣደርሰር</u>** ዞባ ጋሽ ባርካ፡ **<u>62 ደቒ ኣንስትዮ</u>** ዝርከብኦ ብድምር **250** እሱራት ከምዘለዉ ይፍለጥ። ጠንቂ ማእሰርቶም ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ዋላ እንተለዎ፡ ሙብዛሕትኦም ግና ብምኽንያት ስግረ ዶብ፡ ወይ ካብ ሱዳን ዝተጨውዩ ከምዝኾኑ ተፈሊጡ ኣሎ።
2. **ዓብደላ ዓሊ ከሊፋ** ሓደ ካብቶም ሙኩራት ኣባላት ሚስጥራዊ ሲቪል ስለያ'ዩ። ንሱ ኣብ ሱዳን ሓደ ካብቶም ኣብ ምጭዋይ ዝዋፈሩ ሓደገኛታት ስለያ ስለዝነበረ ድማ፡ ንሱ ምስተታሕዘ ድማ፡ ሰርገንቲ ቢንያም ምስግና ሃብተምካኤል ኣባል 5ይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮይኑ ኣባል ስለያ ሃገራዊ ድሕነት ካርቱም ነይሩ። ቢንያም ናብ ኤርትራ ሃዲሙ ምስ ከደ ክሳብ ሕጂ ንሱዳን ከምዘይተመልሰ ተረጋጊጹ ኣሎ።

3. **<u>ሰምሃር መንግስ ገብረድንግል</u>**፡ ዝተወለደትሉ ዓመት 1982 ጋል 35 ዓመት'ያ። በዚ ጉጅለ'ዚ **ዝተጨውየትሉ ድሕረ ባይታ፥**

1. ካብ 2009 ክሳብ 05/2015 ሰራሕተኛ ኤሪ ቴል ኮይና ብሃገራዊ ድሕነት ኣብ ክፍሊ ምክትታል ደወል ቴሌፎናት (ክፍሊ ጠለፋ) ተመዲባ ክትሰርሕ ዝጸነሓት ሰራሕተኛ እያ። ኣብ'ዚ መደብ'ዚ ንምስራሕ ድማ እዞም ዝስዕቡ **ስልጠናንታት** ወሲዳ፥

- ኣብ 2011 - ሰምሃር ምስ ሳልሳይ ርእሳ ናብ ሃገረ ታይዋን ንትምህርቲ ተላኢኻ 26- ኣዋርሕ ዝወስድ ሞያዊ ስልጠና ወሲዳ።
- ስልጠና ዝወሰዱሉ ትካል ታይዋን ድማ፡ International Division of the Association for Educational Communication and Technology (AECT) ይበሃል።
- ሰምሃር ካብ ዝወሰደቶም ትምህርቲ፡ Information theory/ coding Micro process interfacing, hardware design
- Communication Management Technology and Software Engineering --- ወዘተ ገለ ካብ ዝተማሃረቶ ሞያ እዩ።
- ኣብ ወርሒ- ግንቦት/ 2105 ሰምሃር ከም ኩሉ ዜጋ ንምልካዊ ስርዓት ራሕሪሓ ናብ ስደት ኣምሪሓ ኣብ ካርቱም ሱዳን ኣትያ።
- ኣብ **ወርሒ 11/ 2015** ድማ በዞም ሕልና ዘይብሎም ብዋጋ ንጹሃት ዜጋታት ረብሓታቶም ዘኻዕብቱ ዕሉላትን ሓደገኛታት ጉጅለ **ስለያ ተጨውያ** ኣብ ማእከላይ ገበን መርመራ ኣስመራ (**ካርሸሊ**) ኣስታት ዓመትን ፈረቓን ተኣሲራ ትሳቐ ምህላዋ ተረጋጊጹ'ሎ።

4. **<u>ፍሊሞን ጨዓይ ተኸለሰንበት</u>** ኣብ 1975 ዝተወልደ ወዲ 42 ዓመት ዜጋ እዩ። ንሱ

- ካብ 2002 ክሳብ 2015 ኣብ ማእከላይ ቤጽ- ሕፈት ህግደፍ ኣብ ኦዲት ክፍሊ ምቁጽጻር ሕሳብ ተመዲቡ ይሰርሕ ነይሩ።

- ኣብ 2014 ምስ ሓላፊ ቑጠባዊ ጉዳያት ሓጎስ ገብሪሂወት (ኪሻ) ዘይምስምማዕ ነይሩዎ። ካብቲ ናይ ሕሳብ ምቑጽጻር ክቕየር ድማ ጠለብ ኣቕሪቡ። ከም ሳዕቤኑ ድማ ብትእዛዝ ሓጎስ ኪሻ ኣብ 6ይ መደበር ፖሊስ ኣስታት ክልተ ሰሙን ተኣሲሩ ነይሩ።
- ኣብ 2015 ፊልሞን ብዝነበሮ ዘይዕግበት ከም ሰቡ ናብ ስደት ኣምሪሑ ኣብ ሱዳን ኣትዩ። ይኹን'ምበር ዕድሉ ኣይጸበቐን።
- ፊልሞን ኣብ ወርሒ **8/2015** ካብ ሱዳን በዛ ጉጅለ ስለያ ተጨውዩ ድማ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ገበን ምርመራ ኣስመራ (ካርሸሊ) ተኣሲሩ ይሳቐ ምህላዉ ተረጋጊጹ ኣሎ።

**ጉዳይ ስድራ ቤት፥** ናይ ሰምሃር ስድራ ቤት ውላዶም ሱዳን ከምዝበጽሔት ይፈልጡ ነይሮም። እንተኾነ ብሃንደበት ሰምሃር ደሃይ ስለዘጥፍኤት ዓቢ ሻቕሎት ኣሕዲሮም። ወለዲ **"ዝረኣየ ዓይኑ ይብራህ"** ኣብ ዝብልሉ ግዜ ናይ ሰምሃር ሓበሬታ ከነውጽእ ኮለና ሃንደበት ስለዝኾኖም ከምዘጉህዮም ብግቡእ ንግንዘቦ ኢና። እንተኾነ ግና ብሓደ ወገን ናይዞም ካብ ሱዳን ንጹሃት ዜጋታትና ዝጨውዩ ዘለዉ ሰይጣናዊ ጉጅለ ስለያ ንዘይሕጋዊ ተግባሮም ምቕላዕ ግድነት ስለዝኾነ ግና፡ ነቲ ዓቺብናዮ ዝጸናሕና ዝርዝር ከም መርትዖ ከነቕርቦ ተገዲድና፡ ስለዚ ንስድራ ቤት ሰምሃር ዋላ ጽቡቕ ወረ እንተዘይኮነ፡ ክሳብ'ዛ ሓበሬታ ነውጽኣላ ሰዓት ንሳ ኣብ ወርሒ 11/ 2015 ካብ ሱዳን ተጨውያ ኣብ ማእከላይ ገበን መርመራ ኣስመራ (ካርሸሊ) ከምዘላ ክንገልጽ ኮለና ቓንዛ ስድራ ቤት የሰክፈና። ሰምሃር ፊልሞን ካልኦት እሱራትን ድማ ኣምላኽ መዋጽኦ ይፍጠረሎም ንብል።

## ቕልውላው ጸጥታ ኤርትራ ኣብ ሱዳን፡

ኣባላት ሃገራዊ ድሕነት ኣብ ሱዳን ኣብ ብዙሕ ዘይሕጋዊ ተግባራት ስለዝዋፈሩ፡ ጸጥታ ሱዳን ብዝገበሮ ምክትታል ድማ ንብዙሓት ኣባላቱ ኣሲርዎም። ብግልባብ መንበሪ ኣምሲሎም ዝካረዩዎ ገዛውቲ ድማ ንካልእ ዘይሕጋዊ ኣገልግሎት ስለዝጥቐሙሉ ብጸጥታ ሱዳን ተደጋጋሚ ተፍትሽ ተኻይዱሉ። ብርግጽ ድማ ብጸሊም ዕዳጋ ዝሰርሑሉ ዘይሕጋዊ ኣጽዋርን ፓስፖርትን፡ በብዓይነቱ ኣሸሓት ናይ ወጻኢ ባጤራ። ሚልዮናት ናይ ሱዳን ፓውንድ ሞባይል ቴለፎን ካልእ ብቐጻሊ ይትሓዝ ከምዘሎ ከነቓልሖ ከምዝጸናሕና ዝዝከርዩ።

ምልካዊ ስርዓት ኤርትራ ብዘጋጠሞ ጸጥታዊ ፍሽለት ግና ክፍውሶ ኣይከኣለን። ምኽንያቱ ንዝተታሕዙ ኣባላት ስለያ **ከውጽእ** ይኹን፡ ንዝተታሕዞ ኣጽዋርን ገንዘብን **ክመልሶ** ዝገበሮ ሸበድበድን ሓያል ጸዕርን ኣይሰለጦን።

**ዝወስዶ ጸጥታዊ ኣማራጺ፡** ስርዓት ኤርትራ ኣብ ሱዳን ዘጋጥሞ ዘሎ ጸጥታዊ ፍሽለት ከም ሳኣቤኑ ዘሕደረሉ ሻቕሎት ዝፍወስ መሲሉዎ ናይ ኣወዳድባ ለውጢ ክገብር ተገዲዱ ኣሎ። ንሱ ድማ ድሮ ኣብ ከሰላ ዝነበሩ ኣባላት ስለያ ስሒቡ ብካልኦት ሓደስቲ ሰለይቲ ክትክእ ጀሚሩ ከምዘሎ ተረጋጊጹ ኣሎ። ስርዓት ኤርትራ ነዚ ሓዲሽ ጸጥታዊ ኣወዳድባ ብኣዝዩ ጥንቑቕን ሚስጥራውን ኣገባብ ከምዝገበሮ ይፍለጥ'ዩ። ይኹን'ምበር እቲ ሚስጥር ስለዘይተኸወለና ግና ድሮ ኣረጋጊጽና ብግሁድ ነቓልዖ ኣለና። እዚ ሓበሬታ'ዚ ኣብ ንዝርግሓሉ እዋን ድማ ንጸጥታዊ ሻቕሎት ዘለዎ ቕልውላው ስርዓት ኤርትራ ኣጸቢቑ ከምውስኸሉ ንግምግም።

ክፍሊ ዜናን ባህልን፡ ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ - ስደግኤ

Email: uedf2012@gmail.com Website: www.erifront.com 23 /March/ 2017